## ድሕሪ ምዝዛም ዓመተ-ትምህርቲ እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም

ናይ ኦርካ ካርድኹም ድሕሪ ምዝዛም ናይ ትምህርቲ ዓመት እውን እንኾነ ገና ጠቓሚ እዩ!

### ክትፈልጡዎ ዘለኩም ነገር እነሆ፥

**ካርድኹም ዓቕቡ፥** ካርድኹም ክሳብ ኦገስት 31, 2026ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ይኽእል እዩ።

**ናይ'ቲ ካርዲ ናይ ኣገልግሎት ግዜኡ ምስ ኣበቀዐ ተወሳኺ ገብዘብ ምምላእ: ድሕሪ ኦገስት 2026 ካርድኹም ክትጥቀመሉ ክትቅጽሉ ትኽእሉ ኢኹም፡** እንተኾነ ግን ናይ ገዛእ ርእስኹም ገንዘብ ክትመልኡሉ ከድልየኩም እዩ። ነዚ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዓማዊል ሜትሮ ኪንግ ካውንቲ ወይ ድማ ኦንላይን ኣብ MyORCA.com ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**እንተደኣ ሮቛሒታት ብቑዕነት ተማልኡ ኮይንኩም፡** ሓድሽ ካርዲ ውሰዱ: እንተደኣ ውላድኩም ኣብ ክልቲኡ ናይ 2024-2025 ከምኡድማ 2025-2026ን ናይ ትምህርቲ ዓመታት ኣብ ፕሮግራም ቅድመ ትምህርቲ ሲያትል (SPP) ተመዝጊቡ ኮይኑ፡ ብቀጥታ ሓድሽ ናይ ኦርካ ካርድ ክንሰደልኩም ኢና።

እንተደኣ ኣገልግሎት ግዜ ካርድኹም ምስ ተወድአ ንትራንዚት ኣብ ምኽፋል ትጨናነቑ ኮይንኩም፡ ነቶም ኣብ መርበብ ሓበሬታ King County Metro's ዝቐረቡ ናይ ክፍሊት ቅነሳ ኣማራጺታት ኣብዚ ርአዩ: kingcounty.gov/WhichORCAFare. ንሕና ኣብዚ ዘለና ነቶም ናይ ስድራቤትኩም ናይ ትራንዚት ድሌታት ንምድጋፍ ኢና!

## ካርደይ ጠፊኡኒ።
## እንታይ ክገብር ኣለኒ?

እንተደኣ ካርድኹም ጠፊኡኩም ኮይኑ፡ ኣይትጨነቑ! ናይ መተካእታ ካርዲ ክወሃበኩም ንምሕታት፡ ኣብ

- DOT_TAP@seattle.gov ኢሜይል ለአኹልና፣ ወይድማ
- ብ 206-256-6722 ደውሉልና ወይ ሓጺር ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ለአኹልና


ነታ ሓዳስ ካርድኹም ክንሰድድ እንኽእለላ ናይ ፖስታ ኣድራሻኹምን ስምኩምን ጥራይ ንገሩና።

**ኣገዳሲ:** መተካእታ ካርዲ ምስ ሓተትኩምና ነቲ ናይ ቀደም ካርድኹም እንተደኣ ረኺብኩምዎ፡ ክትጥቀሙሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

8.2025

# መደብ ደገፍ ናይ ትራንዚት መጓዓዚያ ንቅድመ-ትምህርቲ



TIGRINYA

Seattle Department of Transportation

## መደብ ደገፍ ናይ ትራንዚት መጓዓዚያ ንቅድመ-ትምህርቲ እንታይ እዩ?

Seattle Department of Transportation (SDOT) (ክፍሊ መጓዓዚያ ሴያትል) ንውላድኩም ናብ ቅድመ-ትምህርቲ ምጉዓዝ ከቢድ ክኸውን ከም ዝኽእል ይርዳእ እዩ። እዚ ጉዳይ እዚ ንዓኹም ቀሊል ክኾነልኩም ብምሕሳብ፡ ኣብ'ዚ ናይ ትምህቲ ዘበን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ንኹሎም እቶም ብመንጽር ሮቛሒታት ኣታዊ ብቑዓት ዝኾኑ ስድራቤታት ካብ ክፍሊት ናጻ፡ ናይ ኣጠቓቕማ ገደብ ዘይብሉ ናይ ኦርካ ካርዲ ኣብ ምልኣኽ ንርከብ። እዚ ካርዲ እዚ ነቶም ተምሃሮ ቅድመ-ትምህርቲ ዝኾኑ ውላድኩም ካብን ናብን ቤት ትምህርቲ ክተመላልስዎም ክሕግዘኩም ተስፋ ንገብር። እቶም ናይ ኦርካ ካርዲ ጥቕሚታትኩም፣ በቲ ናይ ሽዱሽተ ዓመት ዝኾነ ብወሃብቲ ድምጺ ዝጸደቐ Seattle Transit Measure (ሴያትል ናይ ትራንዚት ስጉምቲ) ዝተብሃለ ናይ መሸጣ ግብሪ ዝሸፈን እዩ።

## እዚ ብኸመይ ከም ዝሰርሕ ድማ እነሆ!

### ነዞም ዝስዕቡ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም፥

- ዋላ'ውን ልዕሊ ሓደ ተምሃሮ ቅድመ ትምህቲ ይሃልውኹም፡ ሓንቲ ናይ ኦርካ ካርዲ ምውሳድ።
- ነዚ ናይ ኦርካ ካርድኹም ተጠቒምኩም፡ ኣብ ኩለን ክልላዊ ህዝባዊ ናይ ትራንዚት መጓዓዚያታት ካብ ክፍሊት ናጻ ጉዕዞ ትራንዚት ምግባር። ነዚ ናይ ኦርካ ካርዲ ክሳብ ኦገስት 31, 2026 ይጠቐሙሉ።
- ነዚ ካርድኹም ኣብ መዓልቲ ን 24 ሰዓታት፡ ኣብ ሰሙን ድማ ን 7 መዓልቲታት ይጠቐሙሉ።

**መዘኻኸሪ፥** እቶም ዕድሜኦም 18 ዓመትን ትሕቲኡን ዝኾኑ መናእሰይን ተምህሮ ቅድመ-ትምህርቲን ዝኾኑ ደቅኹም ካብ ክፍሊት ናጻ ጉዕዞ ትራዚት ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። እንተደኣ ንመንእሰይ ውላድኩም ዝኸውን ናጻ ናይ ኦርካ ካርዲ ደሊኹም፡ ነዚ ንምርካብ ኣብ FreeTransitPass.com ተወከሱ። ነቶም ዕድሜኦም ካብ 13-18 ዓመት ዝኾኑ ህጻናት ናጻ ናይ ኦርካ ካርዲ ክትወስዱሎም ነበረታትዓኩም።

## ነዚ ሓድሽ ናይ ኦርካ ካርድኻ ብኸመይ ክትጥቀም ከም እትኽእል

### ብኣውቶቡስ ጉዕዞ ንምክያድ

1. ናብ'ታ አውቶቡስ ድሕሪ ምስቃልኩም ነቲ ናይ ኦርካ ካርዲ ናብቲ ናይ ካርዲ መንበቢ መሳርሒ ትንክፍ ኣብልዎ
2. ካብ ኣውቶቡስ ክትወርዱ ከም ዝደለኹም ነቲ ገናሒ መኪና ክፈልጥ ንምግባር፡ ቅድሚ ናብ'ቲ መውርዲ ቦታኹም ምብጻሕኩም፡ ነታ ብጫ ሕብሪ ዘለዋ ገመድ ሰሓቡዋ።

### ብ Streetcar (ስትሪትካር) ጉዕዞ ንምግባር

1. ቅድሚ ናብ'ቲ ስትሪትካር ምድያብካ፡ ኣብቲ ናይ ስትሪትካር መንበቢ ካርዲ፡ ነቲ ናይ ኦርካ ካርድኻ ምልጋብ።
2. ክትወርዱ ከም ዝደለኹም ነቲ ገናሒ ክፈልጥ ንምግባር፡ ቅድሚ ናብ'ቲ መውርዲ ቦታኹም ምብጻሕኩም፡ ነታ ጠጠው ንኽብል መሐተቲ ጠውቑዋ።

### ብቐሊል ባቡር ጉዕዞ ንምክያድ

ናብ'ቲ ባቡር ቅድሚ ምስቃልኩም፡ ነታ ናይ ኦርካ ካርድኹም ኣብ'ቲ ናይ ካርዲ መንበቢ ወሲድኩም ኣንክእዋ።

## ነዚ ናይ ኦርካ ካርደይ ኣበይ ክጥቀመሉ ይኽእል?

ነዚ ካርድኹም ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ጉዕዞታት ክፍሊት መጓዓዚያ ንምፍጻም ተጠቐሙሉ፥

- ኣብ ኩለን ናይ ኪንግ ካውንቲ ሜትሮ ኣውቶቡሳት- ን ኣክሰስን ሜትሮ ፍሌክስን ሓዊሱ።
- ታክሲ ማይ (Water Taxi) ኪንግ ካውንቲ
- ናይ ሲያትል ስትሪት ካር (Streetcar)
- ሴያትል ማእከል ሞኖሬይል (Seattle Center Monorail)
- ሳውንድ ትራንዚት (ቀሊል ባቡር፡ ዓበይቲ ባቡራትን፣ ኣውቶቡሳትን)
- ኮሙኒቲ ትራንዚት (Community Transit)
- ፒርስ ትራንዚት (Pierce Transit)
- ኪትሳፕ ትራንዚት (Kitsap Transit) ( ኣውቶቡሳትን ቅልጡፋት ጃልባታትን)
- ኤቨረት ትራንዚት (Everett Transit)

### ኣብ ኣጠቓቕማ ትራንዚት ሓገዝቲ ዝኾኑ ነዞም ዝስዕቡ ሊንክታት ተጠቐሙ!

**One Bus Away:** ናይ ኣውቶቡሳትን ቀሊል ባቡርን ሓቀኛ ዝበጽሓሉ ናይ ግዜ ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ ኣፕ ኣውርድ።

**Google Maps:** ኣንፈታት ጉዕዞ ትራንዚትን፡ ሓቀኛ ናይ መብጽሒ ግዜ ሓበሬታን ንምርካብ፡ ኣብ ኮምፒተር ወይ ኣብ ናይ ቴለፎን ኣፕ፡ ን Google Maps ተጠቐም።

**King County Trip Planner:** ንጉዕዞኹም ዝምልከት ሓበሬታ ኣንፈት ትራንዚት ንምርካብ ነዚ መርበብ ሓበሬታ ተጠቐሙ፡ tripplanner.kingcounty.gov/

